
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.11 | ዓርቢ 13 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2

ሄርንያ ብኸመይ ይፍጠር?




ገጽ 3

እቲ ቐዳማይ መባእ



ገጽ 4

ሰለይ ዓሳነባሪን በላሕቲ እንስሳታትን



ገጽ 5

ኣበዓል ቅዱስ ዮሃንስ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ



ገጽ 7

ቻይና- ዳዊት ዕዉት ኣንበሳ ዓቐብ ኮይኑ



## ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ፡ ወፍሪ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ክድፋኣሉ ጸዊዑ

ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ዝተዃሰየ ኣከባቢን ማሕደሮ ተፈጥሮን ናብ ንቡር ንምምላስ ቡቲ ሓዩ፣ ሕርሻዊ እቶትን እቶታውነትን ንምዕባይ ድማ ቡቲ ካልእ፡ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ብውህደት ክሰርሑ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን ኣዘኻኺሩ።

ብ12 መስከረም ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ምስ ኣመሓደርትን ኣካባቢትን ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲቀተኸሉ፡ ገርጠጢን ክሳድ-ዓሪርን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣቶ ሃብተኣብ፡ ጥቡ ዝሰለት ማይ ብምዕቃብን ዝተባሕጎ ከባቢ ብምፍዋስን ክሊማዊ ለውጢ ክምከት ከምዝከኣል ብምሕባር፡ ተሳትፎ ህዝቢ ክዓዝዝ ኣተሓሳሰበ።

"ባህርያዊ ጸጋታትና፡ ብውሕሉል መንገዲ ምጥቃምን ምዕቃብን ይግባእ" ብምባል፡ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ ሓረስቶት ዘይሓላፍነታዊ ተጠቃምነት ናይ ሕርሻ መሬት፡ መጕሓጒታት፡ ምንጪ ማያትን ኣግራብን ከወግዱ ተማሕጺኑ።

ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኣቶ ተኪኤ ተኽለሚካኤል ብወገኑ፡ ብዞባ ተታሒዞም ዘለዉ መደባት ወሀድ ምሕደራ ሃብቲ ማይ መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ ኣብ'ተን ሰለስተ ምምሕዳራት ከባቢ ብዝሰባ ዝቶደድ መደባት ምፍዋስ ማይ-ክዩታት ገለጹ። ምዕቃብ ማይን ሓመድን እቶታውነት ኣብ ምዕባይን ስሩዒ ወታዊ ብዙሕነት ኣብ ምስሳንን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ውሑሰን ቀጻልነት ዘለዎን ሓምላይ ኣከባቢ ንምፍጣር፡ ንቕሓትን ተዋፋዮን ህዝቢ ክብርኽ ኣዘኻኺሩ።






ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ረብሓታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝግባእ ተገንዚቦም ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ከበኦም ንምልማዕ ብውህደት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

## ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ጸምቢሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ዝኽሪ መበል 63 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ ብ8ን 9ን መስከረም ኣብ ከተማ ለንደን ብድምቀት ጸምቢሎም።

ኣብ'ቲ ብርኽት ዝበሉ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ መድብ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ፡ ባሕቲ መስከረም - ህዝቢ ኤርትራ ብመራሕነት ሓርበኛ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንኣርዑት መግዛእቲ ንምምሓው ፈለምቲ ጥይት ዝተኮሱሉ፡ ትእምርቲ ጅግንነትን ዘይተጻዓደነትን ከምዝኾነ ገለጹ።

እቲ ጸምባል፡ ብባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት ዝተሰነየ ነይሩ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ውዱብ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ከተማ ኣዌል - ደቡብ ሱዳን፡ ቀዳማይ ጉባኤኡ ብ7 መስከረም ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ዝተረኸበ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ኣቶ የውሃንስ ተኽለሚካኤል፡ ኣብ ቃልሲ ንሓርነት ዝተኻሰኩሰ ክብርታት ናብ ተረኽብቲ ሕድሪ ወለዶታት ሳላ ዝተሰጋገረ፡ መንእሰያት ኣብ ምውሓስን ህንጸትን ሃገር ታሪኽ ደሰርሑ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ተሳተፍቲ ንቕሓቶም ኣብሪኾም ከምኡ'ውን ፍልጠትን ሞያን ደለቦም ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ምኻኑ ኣገንዘበ።

ኣቦመንበር ማሕበረትም ኤርትራውያን ኣብ ኣዌል መንእሰይ ተኽሊት በዮ ብወገኑ፡ ታሪኽ ኤርትራ ታሪኽ መንእሰያት ስለዝኾነ፡ መንእሰያት ህግደፍ ውዳቦም ኣሐዩሎም ኣብ ህንጸት ሃገሮም መሪሕ ተራ ክጻወቱ ተላበዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ 13 ዝኣባላታ ኣኪያዲት ኣካል ድሕሪ ምምራጽ፡ ሃገር እትጠልቦ ግቡኣት ከምዝዋግኡ ኣረጋጊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኣዌል - ደቡብ ሱዳን፡ ዝኽሪ መበል 63 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኑታ ዕለት ብዝንጸብረቐ መሰናድኣታት ጸምቢሎምዎ።

ብዘይካ'ዚ፡ መበል 25 ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ቶሮንቶን ከባቢኣን - ካናዳ፡ ከምኡ'ውን ዝኽሪ 50 ዓመት ምጅማር ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ 31 ነሓሰ ክሳብ 2 መስከረም ብልዑል መዳርግን ሰታፊን ተቓኒዑ።



ኣብ'ዚ ኣስታት 15 ሽሕ ካብ ካናዳ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኤውሮጳን ዝመጹ ዜጋታትን መሓዙት ኤርትራን ዘኣንገደ ፈስቲቫል፡ ባህላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ናይ ንግዲ ቆፀታት፡ ቆፀት ሃግደኤ፡ ቆፀት ኤርትራዊ-ካናዳዊ ማሕበረሰብ ኣብ ቶሮንቶን ከባቢኣን፡ ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ስፖርታዊ ጥፈታትን ባህላዊ ምርኢትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ'ቲ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ቈንስል ኤትርራ ኣብ ካናዳ ወ/ሮ ኣማረሽ መብራህቱ፡ ናይ ክብሪ ዕዱም ዶ/ር ተስፋይ ኣርዓዶም፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ኣህጉራዊ ልምዓት ካናዳ ኣሕመድ ሑሴን ተረኺቦም ነይሮም።

ወ/ሮ ኣማረሽ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል ምስ ዝኽሪ መበል 63 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ምጽንባሉ ድርብ ሓጎስ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ምስጋና ኣቕሪባ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ካናዳ ኣቶ ተመስገን ሓይልኣብ ብወገኑ፡ ድምቀት ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ውጽኢት ሓያል መኸተ ስለዝኾነ፡ እዚ ናይ መኸተ መንፈስን ክብረታትን ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከምዝቕጽል ጽኑዕ እምነቱ ገለጸ።


ኣብ ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ኣባላት ሃግደኤ ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን መንእሰያት ቶሮንቶን ከባቢኣን ዝገበርዎ ልዑል ኣበርክቶ፡ ብኣካየድትን ተሳተፍትን ምስጋና ረኺቡ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሄርንያ ብኸመይ ይፍጠር?




ሄርንያ ወይ ኤርንያ (Hernias)፡ ብፅምናህ ከፅኡ'ውን ምድኻም ጭዋዳታት ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም እዩ፡፡ እዚ፡ ሓደ ኣካል (organ)፡ ነቲ ሒዚዎ ዘሎ ጭዋዳ ወይ ቲሹ ደፊኡ ካብ ቦታኡ ክፍንተት፡ ወይ በቲ ከበቡ ሒዚዎ ዘሎ መናድቕ በሰው ክወጽእ እንከሎ ይፍጠር፡፡

ሕማም ኤርንያ ብዙሕ ግዜ ኣብ ከባቢ ከስዐ፡ ኣብ መንጎ ኣፍ-ልብን ምሕኮልትን ኣብ ዘሎ ወሸጣዊ ክፋሊ ሰብነት የጋጥም፡፡ ኣብ ላዕለዋይ ሰለፍን ረቓቕቶን'ውን የጋጥም እዩ፡፡

መብዛሕትኦም ዓይነት ሕማም ኤርንያ ንህይወት ዘፈታትን ጸገም ዘስዕቡ'ኳ እንተዘይኮኑ፡ ብዘይ ሕክምናዊ ሓገዝ ባዕሎም ክሓወዩ ዝኽእሉ ግን ኣይኮኑን፡፡ ምስ ግዜ ጥዕናዊ ሓልኽታት ክፈጥሩ ንቡር እዩ፡፡

### ዓይነታት ኤርንያ

ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማም ኤርንያ እዮም ዘለዉ፡፡ ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፦

'ኢንጉናል' ኤርንያ (Inguinal hernia)

እዚ እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዓይነት ሕማም ኤርንያ እዩ፡፡ መዓንጣ ንታሕተዋይ ሸነኽ ከስዐ ደፊኡ ወይ በሰው/ቀዲዱ ብምውጻኡ፡ መትረብ 'ኢንጉናል' ሒዚዎ ዝዘሎ ቦታ ክጸብበሉ እንከሎ የጋጥም፡፡

መትረብ 'ኢንጉናል'፡ ኣብ ረቓቕቶ ክፋሊ ሰብነትና እዩ ዝርከብ፡፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ እዚ ክፋሊ'ዚ ዕትብቲ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ (spermatic cord)፡ ካብ ሽፋን ከስዐ ተበጊሱ ክሳብ ኣስኪት (scrotum) ተዘርጊሑ ይርከብ፡፡ እዚ ዕትብቲ'ዚ ክሳብ ፍረ-ኑበሲ (testicles) እዩ ዝጸግዕ፡፡ ስለዚ፡ 'ኢንጉናል' ኤርንያ ዝኸሰት መናድቕ ናይዚ ክፋሊ ምስ ዝደኽሙ እዩ፡፡

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ መትረብ 'ኢንጉናል'፡ መላግቦ (ligament) ዝሓዘ ኮይኑ ማህጸን ኣብ ቦትኡ ክቕወም ይገብር፡፡ እዚ ዓይነት ኤርንያ'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣየጋጥመንን እዩ፡፡

'ኢንጉናል' ኤርንያ ብዙሕ ግዜ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ እዩ ዘጋጥም፡፡ ምኽንያቱ፡ እቲ ወዲ ተባዕታይ ጕና ውልድ ምስ በለ ኣትሒዙ፡ እቶም ጸምዲ ፍረ-ኑበሲ በቲ መትረብ ክንቀሳቐሱ ስለ ዝጀምሩ፡፡ በቲ መትረብ ምስ ዝሓልፉ ሸዑ ንሸዑ እዩ ዝዕጾ፡፡ ምስ ዕብየት፡ ብሰንኪ ምድኻም ጭዋዳታት ናይቲ መትረብ ክይተዓጽወ ምስ ዝተርፍ ግና ንሕማም ኤርንያ የቃልዕ፡፡

'ሂያታል' ኤርኒያ (Hiatal hernia)

እዚ ዓይነት ኤርንያ'ዚ፡ ከስዐ ንድያፍራም፡ ማለት ንኣውቲ ኩብድን ደረትን ንዝፈሊ ክፋሊ፡ በሰው ናብ ኣፍ-ልቢ ምስ ዝመጽእ የጋጥም፡፡ ዲያፍራም፡ ብጭዋዳታት ዝቖመ ረቂቕ ፈላዪ ቀጸላ ኮይኑ፡ ብምጭብጫጥን ምዝርጋሕን ናብ ሳንቡእ ዝኾበአ ኣየር ከም ዝኣቱ ብምግባር ብግቡእ ክንስተንፍስ ይሕግዘ፡፡ ኣብ ኣፍ-ልብን ኣብ ከስዐን ዝዘሎ ኣካላት ድማ ግቡእ ቦትኦም ብምትሓዝ ይፈላሊ፡፡

እዚ ዓይነት ኤርንያ'ዚ ኣብ ልዕሊ 50 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት እዩ ብዝበዝሐ ዝርአ፡፡ ህጻናት፡ ካብ መፈጠርኦም ዘጋጥሞም ከፃዚ ዓይነት ኤርንያ ኣዘዮም ውሑዳት እዮም፡፡

ዕትብቲ ኤርንያ (Umbilical hernia)

እዚ ኣብ ህጻናት ብዝበዝሐ ዝርአ ኤርንያ እዩ፡፡ መዓንጣ ንመንዳቕ ከስዐ ደፊኡ ኣብ ከባቢ ሕምብርቲ ሕበጥ ይፈጥር፡፡ እዚ ሕበጥ'ዚ እቲ ህጻን ክበኪ እንከሎ ዝያዳ ጎሊሑ ይርአ፡፡

እዚ ዓይነት ኤርንያ'ዚ ካብ 1 ክሳብ 2 ዓመት ኣብ ዝዕድሚኦም ህጻን የጋጥም፡፡ ክሳብ 5 ዓመት ዕድመ ኣብ ዘሎ ግዜ ምስ ዘይጠፍእ፡ ናይ ግድን ሕክምናዊ መብጣሕቲ ክግበረሉ የድልዮ፡፡ ምስ ዘይግበረሉ ግና ኣብ ደረጃ ዕብየቱ ብዙሕ ጥዕናዊ ሓልኽታት ክፈጥረሉ ይኽእል፡፡

ዕትብቲ ኤርንያ ሳሕቲ ኣብ ዓበይቲ ደርኣ እዩ፡፡ ከቢድት ሰባት፡ ንኸምዚ ዓይነት ኤርንያ ዝተቓልዑ እዮም፡፡

### ምልክታት ኤርንያ

እቲ ሕማም ኣብ ዘጋጠሞ ክፋሊ ሰብነት፡ ሕበጥ ወይ ዕንኳር ምህላው እቲ ኣዝዩ ልሙድ ምልክት እዩ፡፡ 'ኢንጉናል' ኤርንያ ዘለዎ ሰብ ንረቓቕቶን ሰለፍን ኣብ ዘራኽብ ዓጽሚ ጠድ (pubic bone) ዕንኳር ክፍተር ልሙድ እዩ፡፡ እዚ ዕንኳር'ዚ፡ ብዙሕ ግዜ ክተሰልዮ ዝከኣል፡ ደው ወይ ጉምቡሕ ኣብ እትብለሉ እዩ፡፡ ክትሰዕል እንከለኻ'ውን ብግቡእ ክትድህሶ ይከኣል እዩ፡፡ ኣብ እትድቕስ ወይ ንኺ ኅቦ ኣብ እትኾነሉ እዋን ግን እቲ ምልክት ክጠፍእ ይኽእል፡፡

ኣብቲ ዕንኳር ዘለዎ ክፋሊ ሰብነት ዘይምቹእነትን ቃንዛን ዝኣመሰሉ ስምዒታት ደርአ እዩ፡፡

እቲ ዓይነት ኤርንያ 'ሂያታል' ምስ ዝኸውን ምቅጻልን ምሸቕሻቕ ልቢ፡ ኣብ ግዜ ምውሓጥ መግቢ ዝርአ ቃንዛ፡ ቃንዛ ኣፍ-ልቢ ወዘተ ዝኣመሰሉ ምልክታት ደርኦ፡፡ ቃሓር'ውን ካብቲ ልሙድ ምልክት 'ሂያታል' ኤርንያ እዩ፡፡

ኣብ መብዛሕትኡ ኣጋጣሚታት ኤርንያ ግሁድ ዝኾነ ምልክታት ኣየርእን እዩ፡፡ ሕክምናዊ መርመራ ብምኽያድ ጥራይ እዩ ብግቡእ ክተሰልዮ ዝከኣል፡፡

### ጠንቅታት ኤርንያ

ኤርንያ ብሰንኪ ምምናህን ምድኻምን ጭዋዳ እዩ ዘጋጥም፡፡ ብመሰረት እቲ ጠንቁ፡ ኤርንያ ንኸፅምዕበል ሓጺር ወይ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል፡፡

ገለ ካብቶም ጭዋዳታት ክደኽሙን ክፅምሁን ዝገብሩ ጠንቅታት፦

* ምስ መዋልዶ ዝርአ ጸገም ኣብ ጭዋዳ፡

* ዕድመ፡

* ብሰንኪ መጉዳእቲ ወይ መብጣሕቲ ዝርአ ጸገም፡

* ኣህላኺ ስራሕ ምዕያይን ልዕሊ ዓቕን ክብደት ምስፍሳፍን፡

* ቀጻሊ ምስዓል፡

* ብዙሕ ግዜ ነፍሰጾር ምኳን፡

* ፅንፃሪ/ ተደጋጋሚ መንፋሕቲ ከብዲ፡

* ምኽሳዕን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናንን፡

* ኣሳይቲዝ (ascites) - ኣብ ከስዐ ዘይንቡር ፈሳሲ ምእካብ ወዘተ ክጥቀሱ ይከኣሉ፡፡

### ፍወሳ

እቲ እንኮ ኣድማዒ ፍወሳ ሕማም ኤርንያ መብጣሕቲ እዩ፡፡ ግዲያት ናይዚ ሕማም፡ መብጣሕቲ የድልዮ ኣየድልዮን ኣብ ዓቐን ናይቲ ኤንርያ እዩ ዝምርኮስ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ሕክምና ብምኻድ ብዝግበር ግቡእ መርመራ ይፍለጥ፡፡ ሓኪይም ብዝገብርዎ መርመራ ክብደት ናይቲ ኤርንያ ክምዝምዎ ይኽእሉ እዮም፡፡

ኣብ ገለ ኩነት፡ ብወሸጢ ኽዳን ብዝግበር ዕጣቕ ነቲ ኤርንያ ካብ ቦትኡ ንኸይንቀሳቐስ ብምግባር ዝግበር ፍወሳ ኣሎ፡፡ እዚ ፍወሳ'ዚ ኣድማዒ ክኸውን እንተኾይኑ፡ ምስ ሓኪም ብምርድዳእ ክግበር እዩ ዘለዎ፡፡

ዓይነት እቲ ኤርያ 'ሂያታል' ምስ ዝኸውን፡ ከም ቃሓርን ምቅጻል ኣፍ-ልብን ዝኣመሰለ ምልክታት ስለ ዘለዎ፡ ቃሓር ዘህድእ መድሃኒት ኣመጋግባን ብምውሳድ ንምዝሑ ካብ ቃንዛ ምንጋፍ ይከኣል፡፡

### ዘቤታው ፍወሳ

ኣብ ገዛ ንገብሮ ክንክን ሕማም ኤርንያ ክፍውሶ ዝኽእል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ነቲ ምልክታትን ዝፈጥሮ ቃንዛን ኣብ ምህዳእ ግን ሓጋዚ እዩ፡፡

ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት ብዝበዝሐ ምምጋብ፡ ካብ ፅንፃሪ ወይ መንፋሕቲ ከብዲ (constipation) የናግፍ እዩ፡፡ ፅንፃሪ ከብዲ ሓደ ካብ ጠንቂ ሕማም ኤርንያ እዩ፡፡ ጽሕጊ ካብ ኣሕምልቲ ጥረታት፡ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ክንረኽቦ ይከኣል፡፡

ኣብ ዓይነትን ብዝሕን ኣመጋግባ ለውጢ ምግባር'ውን ምልክታት ሕማም ኤርንያ፡ ብፍላይ ድማ ኤርንያ 'ሂያታል' ኣብ ምጉዳል ሓጋዚ እዩ፡፡ ብዙሕን ልዑል ትሕዝቶን ዘለዎም መግብታት ካብ ምምጋብ ምቑጣብ፡ ድሕሪ ምምጋብ ክትድቅስ'ውን የብልካን፡፡ ዝተመጣጠነ ክብደት ሰብነት ክትውንን'ውን ምጽዓር፡፡

ጠንቂ ቀሓር ዝኾኑ ቅብኣት ዘለዎም መግብታት ካብ ምምጋብ ምቑጣብ፡፡

ሽጋራ ምትካኽ'ውን ምቁራጽ፡፡

ሓልኽታት ኤርንያ

ኤርንያ ብግቡእ ምስ ዘይፍወስ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከማዕብል ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ኤርንያ ብኣግኡ ምስ ዘይፍወስ፡ እናገዘፈን ምልክታቱ እናበኣሰን ስለ ዝኸይድ ኣብቲ ከባቢኡ ኣብ ዝርከቡ ቲሹታት ጸቕጢ ይፈጥር፡፡ መዓንጣ ንመንደቕ ከስዐ በሲዑ ምስ ዝወጽእ፡ ተቖርቊሩ ስለ ዝተርፍ፡ ተደጋጋሚ ቃንዛን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማትን ክፈጥር ደርአ እዩ፡፡

እቲ ኤርንያ ካልእ ሓልኽታት ይፈጥር ከም ዘሎ ዘርእዩ ምልክታት ሓያሎ እዮም፡፡

\+ እቲ ሕበጥ መመሊሱ ምቕያሕ፡

\+ እቲ ቃንዛ መመሊሱ ምብኣስ፡

\+ ተደጋጋሚ ተምላስን ዕግርግርን፡

\+ ክቱር ረስኒ ምግባር ወዘተ ክጥቀሱ ይከኣሉ፡፡

### ምክልኻል

ሕማም ኤርንያ ምሉእ ብምሉእ ክትከላኸሎ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ኣብ ኣነባብራና ግቡእ ምክትታልን ለውጥን ብምግባር፡ ንተኸሎታት ናይቲ ሕማም ክነጉድሎ ይከኣል እዩ፡፡

= ኣትካኽ ምስ እትኸውን፡ ብዝኽእል መጠን ከተቋርጾ ምፍታን፡

= ተደጋጋሚ ትስዕል ምስ እትህሉ፡ ነቲ ምልክት ብዝቕልጠ ንምልላይ ሕክምናዊ መርመራ ምኽያድ፡

= ክብደት ሰብነትካ ምቍጽጻር፡

= ቀልቀል ኣብ እትወጽእሉ ወይ ትሸኑሉ እዋን ብዙሕ ዘይምጽዓር፡

= ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት ምዝውታር፡

= ንጭዋዳታት ከስዐ ዘተርንዕ ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታር፡

= ሓያል ጻዕሪ ዝሓትት ስራሕ ዘይምዕያይ፡፡

ምንጪ፦ health line




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ 1284



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ሌላ ምስ ከተማ ዓሰብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምስ ስነ-ጥበባዊ ፍትሓዊ ገብረሂወት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዕላል ምስ ማሰኛን ድምጻዉን |
| 16:05 | ሞዛይክ 1ይክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ ኣዉደኣመት |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ቴራብ ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ትዕዝብቲ ብዛዕባ ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ድራማ ምምልላእ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ሰላዩ ዓሳ ነባሪን በላሕቲ እንስሳታትን



ደቂ ሰብ ካብ ካልኦት እንስሳታት ዝፈልየና ነጥቢ፥ ስርዓተ ሓንጎልና ዝያዳ ካልኦት ዝማዕበለ ብምዃኑ እዩ፡፡ ከም ውጽኢት ናይዚ ድማ፡ ንነገራት ብጻዕቂ ክንርድኦ፡ ክስተማቐር ዘኽእል ብልሒ ዝተዓደልና ፍጡራት ኢና፡፡ ከም ናይ ሰብ ዝማዕበለ ሚዛን ኣተሓሳስባ ዋላ ኣይሃልዎም፡ ንዝተፈላለየ ነገራት ክርድኡ ዝኽእሉ ካልኦት ዓይነታት እንስሳታት'ውን ኣለዉ፡፡ ገለ ውሑዳት ካብኦም ብርክት ዝበሉ በላሕቲ እንስሳታት ተባሂሎም ዝግለጹ ንምግላጽ፦ ዓሳ ነባሪ፡ ቺምፓንዚ፥ ከልቢ፥ ሓርማዝ . . . ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

• ዓሳ ነባሪ፦ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ምስሉይ ተዋፊሩ ጸኒሑ ዝተባህለ ጻዕዳ ዓሳ ነባሪ ኣብ ገማግም ባሕሪ ኖርወይ ሞይቱ ተረኺቡ፡፡ እቲ ካሜራ ኣብ ርእሱ ዝተገጠመሉ ዓሳ ነባሪ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት'ውን ኣብ ማያት ኖርወይ ተራእዩ ከም ዝነበረ ይሕበር፡፡ እቲ ዓሳ ነባሪ ብሩስያ ዝተዓለመ ክኸውን ተኽእሎ ከምዘሎን ስሙ 'ህቫልድሚር' ምዃኑን ይግለጽ፡፡ ዓሰከሬን ናይቲ ዓሳ ነባሪ ደቡባዊ ምዕራብ ካብ ከተማ ራሳቪካ ኣብ ዘሎ ማያዊ ክፋል እዩ ተረኺቡ፡፡ ተጣበቕቲ ስነ እንስሳ ተሃሪሙ ምዃኑ እዮም ዝሕብሩ፡፡

ማእከላይ ዕድመ ጻዕዳ ዓሳ ነባሪ 60 ዓመት ኣቢሉ ይበጽሕ፡፡ ሰላዩ 'ህቫልድሚር' ግን ኣብ መበል 15 ዓመት ዕድመኡ እዩ ሞይቱ፡፡

ህቫልድሚር ኣብ ሚያዝያ 2019 ኖርወጃዊት ደሴት ኢንጎያ፡ ኣብ ግንቦት 2023'ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ ሽወደን ተራእዩ ምንባሩ ይንገር፡፡ ጸዓዱ ዓሳ ነባሪ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሰሜናዊ ዋልታ ኣብ ከባቢ ኣርክቲክ እዮም ዝነብሩ፡፡ ህቫልድሚር ካብዚ ዝተጠቕሰ ቦታ ሓሊፉ እዩ ክንቀሳቐስ ጸኒሑ፡፡ ኣቓልቦ ብዙሓት ከኣ ስሒቡ፡፡ ጻዕዳ ዓሳ ነባሪ ካብ ካልኦት ዓይነት ዓሳታት ፍልይ ዘበሎ ረቛሒ፥ ምስ ደቂ ሰብ ፍሉይ ምትእስሳር ዘለዎ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ዘይተጓዓዘ. ባህሪ ስለ ስለዘውንን እዩ፡፡ ኣብ ምዝንጋዕ ኪይተሓጽሩ ንዘተዋህቦም መምርሒ. ብዘለዓለ ናይ ምርዳእን ናይ ምትግባርን ፍሉይ ብልሒ ከም ዘለዎም ብሰፊሑ ይጥቀስ እዩ፡፡ ካዞናግዑን ዝተፈላለየ ኣይሮቢካዊ ምርኢት ከቕርቡን ምርኣይ ዳርጋ ልሙድ ፍጻመ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ፡፡

• ቺምፓንዚ፦ ብናይ ምሕሳብ ተኽእሎኦም ዝግለጹ እዮም፡፡ ብዙተኻየደ መጽናዕቲ መሰረት፡ ቺምፓንዚታት ናይ መጺኢ ናብራ ውጥን ናይ ምውጻእ ዓቕሚ ዘለዎም እንስሳታት ምዃኖም ይግለጽ፡፡

• ከልቢ፦ ቀዳማይ ፈታዊ ሰብ ዝኾነ ከልቢ በላሕቲ ተባሂሎም ካብ ዝጥቐሱ እንስሳታት'ዮ፡፡ ኣኻልብ ክሳብ 300 ቃላት ከጽንዑ ይኽእሉ፡፡

• ሓራምዝ፦ በላሕቲ ከምኡ ድማ ስምዒታውያን እንስሳታት'ዮም፡፡ ሓራምዝ ሓደ ካብ ዓሌት ምስ ዝመውት ንዓመታት ኩሓዝኑ ይርኣዩ፡፡ ኣብ ገለ ኢጋጣሚታት'ዉን ሓራምዝ ኣካላት'ቲ ዝሞተ ሓርማዝ ክሳብ ዝምሽምሽ ናይ ምጽባይ ተርእዮታት ይንጸባረቐሎም እዩ፡፡

• ጺጺ፦ ጥበበኛ እንስሳ ዝኾነ ጺጺ ብጻዕሩ ዝግለጽ ደቂቕ እንስሳ እዩ፡፡ ዓሌት ጻጸ ንጹሓይ ከም መወከሲ ተጠቒሞም ኣንፈት ክለልዩ ዝኽእሉ እዮም፡፡ ብተወሳኺ'ዉን ከም ሕብረተሰባት ናይ ጉጅለ ርእሶም ኣገልግሎት ይፈጥሩን ማሕበራዊ ደረጃታት ይሰርዑን፡፡

## መብጽዓ

መብጽዓ ንመጻኢ ንእትገብሮ ወይ ትፍጽሞ ቃል ምእታው እዩ፡፡ መብጽዓ ምእታው ሓደ ካብቶም ብብዙሒ.



ኣብ ደቂ ሰብ ዝርኣዩ ባህርያት እዩ፡፡ መብጽዓ ዕዳ እዩ እናተባህለ'ውን ይግለጽ እዩ፡፡ መብጽዓ ምሕላው ኣገዳሲ. እዩ፡፡ መብጽዓ ምሕላው ዝተፈላለዩ ረብሓታት ኣለውዎ፡፡ ገለ ካብኣቶም፦

• **ምትእምማን ይፈጥር፦** መብጽዓኻ ምስ እትሕሉ ብኻልኦት ዝያዳ እሙን ትኸውን፡፡ ሓድሕድ ምትእምማን ኣብ ኩሉ ዝምድናታት መሰረታዊ ነገር እዩ፡፡ ብፍላይ ከኣ ቃሉ ዘኽብር ሰብ ንኻልኦት ውሕስነት ክስምዖም ይገብር፡፡

• **ቅንዕና፦** መብጽዓታት ምሕላው ንጽህናን ባህርን ሓደ ሰብ ዘንጸባርቕ'ዩ፡፡ እሙን ሰብ ምዃንካን ንቓልካ ዋጋ ከም እትህቦ ዘርኢ. እዩ፡፡ እዚ ድማ ንዝናኻ ከዕብዮ ይኽእል እዩ፡፡

• **ስምዒታዊ ጽልዋ፦** መብዛሕትኡ ግዜ መብጽዓ ስምዒታዊ ርዝነት ይስከም እዩ፡፡ መብጽዓ ዘይምፍጻም፡ ተስፋ ምቑራጽ፡ ምጉዳእ ስምዒትን ዝምድናታትን ከስዕብ ይኽእል፡፡

• **ማሕበራዊ ዝምድና፦** መብጽዓ ምሕላው ፍቕሪ የዕቢ፡፡ ማሕበራዊ ስርዓት ንምዕቃብ ይሕግዘን ሰባት ብኣድማዒ. መንገዲ ብሓባር ክሰርሑ የተባብዖም፡፡

• **ርእሰምትእምማን፦** መብጽዓ ምፍጻም፡ ርእሰምትእምማን ከዕቢ. ይኽእል እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ሓደ ውልቀሰብ ብስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከም ዝገብር ንኹብሱ ቃል ይኣቱ፡፡ እዚ መብጽዓ እዚ. ምሕላው ንኣካላዊ ጥዕናኡ ውልቃዊ ዕብየቱን ዓቢ. ተራ ኣለዎ፡፡

• ብሓጺሩ፥ መብጽዓታት ምሕላው ምትእምማን ንምዕባይ፡ ዝምድናታት ንምዕቃብን ውልቃዊ ቅንዕና ንምድንፋዕን ወሳኒ. እዩ፡፡ ነፍሲ. ወከፍ መብጽዓ ዓቢ. ይኹን ንእሽቶ፡ ክትግበር እዩ ዘለዎ፡፡ መብጽዓ ምፍራስ ግን ናይ በደል ስምዒት ወይ ውድቀት ከስዕብ ይኽእል፡፡ መብጽዓ ዘይምፍጻም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፡፡

• እምነት ይጎድል፡ ፈተውትኻን ቤተሰብኻን መሳርሕትኻን ኣጦኻ ዝነበሮም እምነት ይጎድል፡፡

• ጥልመት፡ ነቲ መብጽዓ ዝተጸበዩ ሰባት፡ ወሸጣዊ ጉድኣት፡ ስምዒት ተስፋ ምቑራጽ፡ ወይ ጥልመት ክስምዖም ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ድማ ናብ ስምዒት ጭንቀት ወይ ሕርቃን የምርሕ፡፡

• መብጽዓ ዘይምፍጻም ውልቃውን ሞያውን ዕብየት ይድርት፡፡

• **ወሸጣዊ ግርጭት፦** መብጽዓ ምፍራስ ናብ ጉዳእ ርእሰኻ ምፍታሽ ክመርሓካ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ድማ ንኽብርታትካን ቃልካን ዳግማይ ክትሓስበሉ ይድርኸካ፡፡ ማሕበራዊ ተጽእኖ ኣብ ዝምድናታት የኸትል፡፡ ዘይእሙን ሰብ ምእማን ባዕልኻ ብጉጅለ ፍቓድካ ንተሰፋ ምቑራጽ ኣሕሊፍካ ምሃብ እዩ፡፡

ብሓጺሩ፥ መብጽዓ ምፍራስ ዘስዕቦ ሳዕቤን ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ህይወት ክግለጽ ይኽእል፡፡ እዚ. ድማ ንዝምድናታት፡ስምዒታት፡ውልቃዊ ቅንዕና ዝኣመሰሉ ክጸሉ ይኽእል፡፡ ኩሉ ግዜ ቅድሚ ቃል ምእታውካ ክልተ ግዜ ምሕሳብ ኣገዳሲ.'ዩ፡፡

### ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

• "ቤተ ንባብ ናይ ኣእምሮ ሆስፒታል እዩ፡፡" - **ዘይተፈልጠ**

• "ኣዕሩኽ ክትከውን ምምናይ ቅልጡፍ ስጉምቲ እዩ፡፡ ዕርክነት ግን ከምቲ ቀስ ኢሉ ዝበስል ፍረ እዩ፡፡" - **ኣሪስቶትል**

• "ሸቕታ ኣደ ናይ ሓቂ እያ፡፡" - **በንጃሚን ዲስራኤሊ**

• "ጓል ኣንስተይቲ ልክዕ ከም 'ልፕቶን' ቀጠፍ ሻሂ እያ፡፡ ኣብ ውዑይ ማይ ከየእተኻያ ማዕረ ክንደይ ሓያል ምዃና ክትፈልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡"- **ኢሊኖር ሩዝቨልት፡፡**


• "ጸቡቕ ናይ ምምዛዝን ክእለት ካብ ተመክሮ እዩ ዝመጽእ፡፡ ተመክሮ ድማ ካብ ሕማቕ ምምዛዝን እዩ ዝመጽእ፡፡"- **ሪታ ብራውን**

• "ነፍሲ. ወከፍ ሰብ ናይ ካልኦት ሰባት መሰል ክሳብ ዘኽበረ ብዝደለዮ መንገዲ ህይወቱ ክነብር መሰል ኣለዎ፡፡"- **ዳቪድ ቦዝ**

• "ትማሊ. ካብ ሎሚ ዝሓሸ ነይሩ ዝብሉ ሰባት፡ ዋጋ ናይ ሎሚ ህላወኦም እዮም ዘጉድሉ፡፡" - **ካርል ላገርፊልድ**

## ብዛዕባ መርዘን

ቃንዛ ርእሲ. - ርእሱ ዝኸኣለ ሕማም ዘይኮነ ከም ምልክታት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኩይኑ እዩ ዝኸሰት፡፡ እዚ. ቃንዛ'ዚ. ዝኾነ ቃንዛ ኣብ ከባቢ. ርእሲ. ወይ ክሳድ ምስ ዝፍጠር ዝግለጽ ቃንዛ እዩ፡፡ ከኢሊታት ከምዝሕበልዎ፡ ካብ ርእሲ. ባዕሉ ዝጅምር ቃንዛ ክፍጠር ኣይክእልን፤ ምኽንያቱ ዋህዮታት ናይ ርእሲ. ንዝኾነ ቃንዛ ከም ቃንዛ ኣብ ርእስና በጺሑ ክስመዓና ዘኽእል ተቐባሊ. ስለ ዘይብሉ፡፡ ኣብ ካልእ ክፍሊ. ኣካላትና ጉድኣት ይወርድ እሞ፡ ርእሲ. ማእከል ናይ ኩሉ ሓበሬታ ክፍሊ. ኣካላት ክንዲ. ዝኾነን እቶም ኣብ ዝኾነ ክፍሊ. ኣካላት ጉድኣት ክወርድ እንከሎ ሓበሬታ ዘመሓላልፉን ቃንዛ ተቀበልቲ ዝኾኑ ክፋላት ክርከቡ ምስ ዝጅምሩ ኣብ ከባቢ. ርእስና ቃንዛ ክስመዓና ይኽእል፡፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ቃንዛ ርእሲ. ኣለዉ፡፡



ኣብ ርእሲ. ተደጋጋሚ ዝመላለስ ብሓደ ወይ ክልተ ሸነኽ ናይ መትልሕ ብርቱዕ ቃንዛ ዝጉብር፥ ተወራራሲ. ዝኾነን ምስ ናይ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩነታት ምትሕሓዝ ዘለዎ ቃንዛ ርእሲ. መርዐን እዩ፡፡ ኣብ እዋን ግርዘወና ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ በዚ. ቃንዛ ይጥቀዓ፡፡ ኣብ መወዳእታ ዓሰርተታት ዓመታት ዕድመ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብዕጽፊ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ግዳያት ናይ መርዘን ይኾና፡፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝበዝሐ ተርእዮታት መርዘን ዝያዳ ካብ 25-55 ዘሎ ክሊ. ዕድመ እዩ ዝኸሰት፡፡ ሰለስተ መግለጺታት ናይ ሳዕቤን መርዘን ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

• ምጽባብ ጸኒሑ ድማ ምግፋሕ ናይ ኣብ ርእሲ. ዝርከቡ ሻምብቆታት መተሓላለፊ ደም ዝፈጠሮ ለውጢ. ምምሕልላፍ ደም ቃንዛ ክፈጥር እኽሎ፡፡

• እቲ ቃንዛ ካብ ምጭብባጥ ጅማውቲ ክስዕብ እኽሎ፡፡

• እቲ ቃንዛ ካብ ምልውዋጥ ናይ ቀመማት ብፍላይ ድማ 'ሰሪቶኒን' ንምምሕልላፍ ሓበሬታን መልእኽቲን ዝጸሉ ባእታ ምጉዳል ክኸሰት እኽሎ፡፡ ሰሪቶኒን ንኩነት ኣእምሮ፡ ናይ ምዝዋር ክእለት፡ ድቃስ፡ መቐትን ምንቅስቓስ ጅማውትን ዝጸሉ ባእታ እዩ፡፡ ጠንቂ፦ ኣብ ብዙሓት ጥቕዓት እቲ ጠንቂ ፍሉጥ እኳ እንተ ዘይኮነ፥ ኩነታት ኣየር፥ መግቢ - ቸኮሌታ፥ ፎርማጆ፥ ኣራንሺ፥ ኮሚደረ ሽጉርቲ ወይኒ፥ ጨው፥ . . . ፡፡

* ምልውዋጥ ሆርሞናት፡ ማህረምቲ ኣብ ርእሲ፥ ብርቱዕ ድኻም፡ ብሓይሊ. ምስራሕ፥ ጸቕጥን መድሃኒታትን ከም ኢጋደድቲ ተባሂሎም ይጥቀሱ፡፡

ምልክታት መርዘን ብዙሓት'ኳ እንተ ኾኑ ከም ምሕውዛዋዝ፥ ረስኒ፥ ምድንዛዝ፥ ዕግርግር ምግባእ፡ ተምሳስ፥ ምንጽርጻር እዮም፡፡

እዚ. ንምህዳእ ድማ ኣብ ድምጺ. ዘይብሉ ዝጸልመተ ክፍሊ. ምድቃስ፡፡ ካብ ኣብ ከባቢ.ኻ ዘሎ ረበሻቲ ነገራት ምርሓቕን በይንኻ ምዃንን ይምረጽ፡፡ ኣብ ኣመጋግባ ጥንቃቐታት ምግባር ኣገዳሲ. እዩ፡፡ ከም ቸኮሌታ፥ ፎርማጆ፥ ኣራንሺ፥ ኮሚደረ፥ ሽጉርቲ፥ ጨው ዝኣመሰሉ መግቢታት ዘይምውሳድ ይምረጽ፡፡ ከምኡ'ውን ከም ኣስፕሪን ወይ ፓራሲታሞል ትሕዝቶ ዘለዎም መድሃኒታት ምጥቃም፡፡ ዝያዳ ሓገዝ ካብ ሓኪም ብምርካብ ድማ ኢጀማምራኡ፥ ዓይነቱን ኣበየናይ ክፋል ርእሲ. ምዃኑን ምፍላጥ ኣገዳሲ. እዩ፡፡

ሪፖርታጅ

# ኣበዓዕላ ቅዱስ ዮሃንስ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ ሃለቃ)
ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

መሳርሒታታ ዝጸጠቐት ጉጅለ ኣባላት ሚ/ሪ ዜና ሰሉስ ንገሆ 3 መስከረም 2024 እያ ጉዕዞኣ ካብ ኣስመራ ናብ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ኣቐኒዓ። ልክዕ ሰዓት 8:30 ቅ/ቀ ድማ ካብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ



ተበጊስና። ሓደ ካብ ክቡራት ሃይማኖታዊ ኣውደኣመታትና ዝኾነ በዓል ቅዱስ የሃንስ ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ዓሰብ ንዘዋግር ጽምብል ንምስናድ።

ዘፈረትና ሄሊኮፕተር ናብ ሰማያት ኣስመራ ምስ ኣንሳፈፈት ድማ ጉዕዞና ኣሃዱ በልና። ብመጉሰዕ ክራማት መሬት ብሎሰሊ እንክትዕዘብ ከበሮታት ሃገርና ቀጠልያ ተኸዲኑ ይረኣ። ጉዕዞና ብዘቐጸለ ኣዝዩም ማሰጥት ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ቅርጺ መሬት ሃገርና - ሩባታት፡ ሰንሰለታት፡ በላሕቲ ጎቦታት፡ ቀላጥ ምድረበዳታት፡ ኣረንጓረት፡ ብኡሳት ጉመራ ዝሰደ ኮጀታት፡ ዝተኸመረ ድኹም ሓመድ፡ ብውሓለ ኣድ ዝተጻሕፉ ዝመስሉ ጸዕዳ ሕንጻጻት ነቓዓትን መሬትን ወሰናስን ባሕርን..... እናተዓዘብናን እናኣስተማቐርናን ድማ ልክዕ ሰዓት 10:30 ቅ/ቀትሪ ኣብ'ታ ምጭውቲ ወደብ ዓሰብ ኣቲና።

ናይ ለሚ ዓመት በዓል ቅዱስ የሃንስ ብምትሕብባር ሚ/ሪ ዜናን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን እዩ ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ዓሰብ ተጻዊሉ። ብቐንዱ ዕላማ ጉዕዞ ኣባላትና ድማ ንደምቀት እቲ ስነ ስርዓት ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሃን ሃገርና ናብ ሓፋሽ ንምብጻሕን ንምስናድን እዩ ነይሩ። ወናማት ደምጻውያን ኣብርሃት ኣኽሪ (ጓል-ኣኽሪ)፡ ሰሌማን ኣሕመድ (እለክሉ)፡ ኣርምያስ ክፍለዝጊ፡ ረሺድ ሐሴንን ካልኦት ጉዳይምን ንኣሽቱን ዝርከቡዋ ጉጅለ ባህሊ ንኡስ እዚ ምብራቕ ድማ ብመሳጢ ዜማታቶም ነቲ በዓል ደምቀትን መዓርግን ንምሃብ ደምጻም ስለሎም ተቐሪቦ።

ካብ መላእ እቲ ዞባ ዝተወከሉ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ነብርቲ ንኡስ ዞባ ዓሰብ፡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ሰራዊት እዚ ምብራቕ ብዝተፈላለዩ ማእዝን መጺኦም፡ ኣብቲ ሰጣሕ ጉልጉል ገምገም ባሕሪ ዝተዳለወ ምርኢት ቅጽጽ ምስ በሉ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣቶ መሓመድ ሰዒድ ማንታይ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብ/ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፡ ጸሓፊ ህግደፍ እቲ ዞባ ኣቶ ረዘ ሚካኤል፡ ኣቦወንበር ባይቶ ዞባ ኣቶ ዓሊ ኑር ዓሊ፡ ሰልጣን ራሓይታ ደርደር ዓብደልቃድር ዳውድ.... ዝርከቡዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን በቦታኦም ሓዙ።

ልክዕ ሰዓት 4:00 ድ/ቀትሪ ምስ ኮነ ድማ፡ መደብ'ቲ ጽምብል ነቶም ምእንቲ ህዝቦም ሃገሮም ዝወደቑ ጀጋኑ ንምዝካር፡ ብዝኽሪ ሰማእታት ተኸፊቱ። እቲ መደብ ብወግዒ ንምፍላም ከኣ፡ ብምኽንያት በዓል ቅዱስ የሃንስ መኽፈቲ ቃል ንኸስምዕ ናብ መድረኽ ዝተዓደመ ግዚያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓሰብ ኣቶ ብርሃ ኪዳነ እዩ። ኣቶ ብርሃ፡ "ለሚ መዓልቲ ብምኽንያት እዚ ክቡር በዓል፡ እቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት ሰረት ዘለዎ ሓደ ካብ ክቡራት ኣውደኣመታትና ዝኾነ በዓል ቅዱስ የሃንስ ብሓደ ሓቢርና ክንውዕል እንኽእለ፡ ሃይማኖታዊ በዓላትና መሰረት ሓድነትናን ሓይልናን ሰላምናን ፍቕርናን ምትሕግጋዝናን ክብርናን ኩይናም ይቕጽሉ ከም ዘለዉ ዝርኢ ህያው ምስክር እዩ" ድሕሪ ምባል፡ "እዚ በዓል'ዚ ኣብ ግዜ ጥሉል ክረምትን ዝውቀብ ትርኢት መሬትን ከም'ኡ'ውን ሓረስቶት ሃገርና ፍረ-ጻዕርም ንምሕፋስ ኣብ ዝቕበሉሉ ዘለዉ ወቕቲ ደብዓል ምህላዉ ዝያዳ ደምቀት ይሀቦ" ክብል ሓቢሩ።

ኣስዒቡ፡ "ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ካብተን ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ዝተመስረታ ቀዳሞት ከተማታት ኤርትራ ሓንቲ ኩይና፡ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ 12 ሜትሮ ብራኸ ዘለዋ ንቱሪዝምን ወፍርን ምቹእ ዝኾነ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ እትውንን ከተማ እያ" ክብል ገሊጹ። ንሱ ወሲኹ፡ "ከተማ ዓሰብ ዓቢ ወደብ፡ መጻረዪ ነዳድን መፍረይ ጨውን ዓበይቲ ትካላትን እትውንን እውን'ያ። ዝበዝሐ ህዝባ ብሄረ ዓፋር'ኳ እንተኾኑ፡ ብሄራት ትግርኛን ትግረን ብሌንን ሳሆን ብስኒትን ፍቕርን ምንባቦርን ዝነብሩላ ከተማ እያ" ብምባል'ዩ ቃሉ ደምዲሙ።

ከተማ ዓሰብ ርእሲ ከተማ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኩይና፡ ዝተፈላለዩ ቅርስታት ዝርከብ መናብብሮ ህዝቢ ድማ ኣብ ንግዲ፡ ሸቐለትን ምግፋፍ ዓሳን ይምርኮሱ። ኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት እትውሃብ ዘለዎ ከበቢ ብምዃኑ፡ ሓደ ካብ ልዑል ጀኡፖለቲካውን ቁጠባውን ባህላውን ኣገዳስነት ዘውንን ፍሉይነቱ ዕዙዝ ዝኾነ ዞባ እዩ" ክትብል'ያ ገሊጻ።

ንሳ ብተወሳኺ፡ "ናይ ለሚ ዓመት በዓል ቅዱስ የሃንስ፡ ሃገርና ምስ ደሙቕ መንፈስ ዓወት፡ ሰላምን ርግኣታን ኣውሒሳ ናብ ልምዓትን ህንጻትን እትኣትወሉ ዘላ መድረኽ ትበዓል ምህላዋ፡ በቲ ሓደ፡ ናይ መኸተ ያታናን ሃገራዊ ክብርናን ዘኮልዕ፡ ንጥርዚ ባህላዊ ምትእኽኻብናን ሓድነትናን ዘመላኽዕ በቲ ካልእ ኣብዕላ ምህላውና ፍልይቲ ይገብራ" ክትብል ሓቢራ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ "እዛ ምጭውቲ ኩሉ ዓይነት ዋጋ ዝኸፈልናላ ሃገር፡ ለሚ'ውን ከም ትማሊ ብልዑል ንቕሓትን ዓጸፉ ሰራሕን ራኢናን ዕላማን ከሰምር መድረኻዊ ግቡእ ኣሎና። ብስራሕ ከሉ ከም ዝቐየር ታሪኽ ምሂሩና እዩ'ሞ፡ ሕጂ'ውን ንዕምባይ ቅያን ታሪኽን ብልዑል ትግሃት ክንሰርሕ ኣዘኻኽር" ክትብል ተላቢዩ።

ብድሕሪ'ዚ፡ መድረኽ ንባህላዊ ምርኢት፡ ናብ ያታዊት ጉጅለ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ'ዩ ተረኪቡ። እዛም ጉጅለ ባህሊ፡ ዝኾነ ዓይነት መሳርሒ መዚቃ ከይሓወሱ ብጣቕዒትን ከበሮን ጥራሕ ዝጽወት ደርፍታት እያም ከሺናም ከቕርቡ ተራእዮም። ኣብ ብሄረ ዓፋር ብደቂተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን ወቅቡ፡ ከተማ ኩይና፡ ኣብ ሰለስተ ምምሕዳር ከበባታትን ክልተ ዓድታትን ድማ ትመሓደር። ኩነታት ክሊማኣ ካብ ወርሒ ግንቦት ክሳብ ወርሒ ጥቅምቲ ካብ 26 ክሳብ 42 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝጽሕ ምቑት ዘለዎ ኩይኑ፡ ካብ ሕዳር ክሳብ ሚያዝያ ድማ ተቖጣዒ ዝሑል ኩነታት ኣየር ኣለዎ። ዓመታዊ እትረኸቦ ዝምጋም ዝናብ ድማ ካብ 100 ሚሜ ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓሰብ መደረኡ ምስዛዘመ፡ ቀጺላ ቃል ዘስመዐት ሓላፊት ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ሳልሕ እያ። ንሳ "ናብ'ዚ ክቡር ሃይማኖታዊ በዓልና እንቋዕ ኣብጽሓና፡ እዚ ሀጡር ክረምቲ ከኣ ብርክት ምህርቲ ክሕፈሶ ምጽዓትና'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ "ናይ ለሚ ዘመን በዓል ቅዱስ የሃንስ ኣብ ዞባና ከተማ ዓሰብ ክበዓል እንከሎ፡ ክብ ዝበለ ሓጎስ ይስምዓና። ዞባና፡ ብኣደናቒ መልክዓ ባሕርያዊ ቅርጻን ዝውቀብ በሪ ምዕባለን ስልጣኔን ጥንታዊትን ዘመናዊትን ኤርትራ እዩ" ኢሉ።

ኣሰዒቡ "ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብስኑ ጥንቲ፡ ሃይማኖት፡ ናይ ባሕሪ ጸጋታት ዝተረጋገጸሉ ታሪኻዊ ዞባ እዩ። ንኣማኢት ዓመታት ባህላዊ ስልጣኔታት ብሄረ ዓፋር ማለት ሰልጣኑ ራሓይታ'ውን ዝበርን ኣብ ዝተፈላለዩ ወቕትታት ዝጽወትን ዝድረፍን ዝበረ ያታዊ ልምድታትን ወግዕታትን ድማ ብውህደትን ስሉጥን ምንቅስቓሳት ክጻወትዎ ተራእዮ። ብሓፈሻ እቲ ዘቐረብዎ ትሕዝቶታት ንያታን መጎብብርን ጸጥቕን ክብርታትን ብሄረ ዓፋር ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ። ካብ ተዓዘብቲ ድማ ልዑል ኣድናቖት ረኺቡ።

ልዕሊ 8 ዝኾኑ ባህላዊ ደርፍታት ምስ ኣቕረቡ ድማ መድረኽ ንዓባይ ጉጅለ ባህሊ ንኡስ ሚ/ሪ ምክልኻል እዚ ምብራቕ ሓደገሉ። እዞ ወናማት ደምጻውያን ዝሓቘፈት ጉጅለ ባህሊ፡ እቲ ዝበረ ብርቱዕ ሃሩር ከይዓጀቦ ነቲ ዕሙርን ደሙቕን ጓይላ ብናፍቖት ክጽበ ዝጸንሐ ህዝቢ ድማ፡ ወዲ ሰሚታቱ ንምርዋይ ዝወሰነት እያ ትመስል። ነቲ ከዚናቶ ዝመጸት ደሙቕ ትሕዝቶታታ ብምጥባዝ ከኣ ንመድረኽ ፋሕፋሕ ኣበለቶ። ብፍላይ ጓል-ኣኽሪ ትርከቦም ወሩያት ደምጻውያን ኣብ ልቢ ህዝቢ ዝሓደረ ተናፋቒ ጥዑም ዜማታቶም ጀምሮ እንክበሉ፡ ህዝቢ ናብ መድረኽ ክፈስስ'ዩ ተራእዩ። መንእሰያትን ወረስትን ደምጻውያንና እውን ኣይሓመቑን በቲ ስሉል ደምጻም ንህዝቢ ብሓባር ኣብ መድረኽ ዘለለ ትሕዝቶታት እያም ኣቕሪብም። እቲ ምርኢት ደምቀቱ ከይሃሰሰ ድማ ክሳብ ምሸት ቀጺሉ።

ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብደቡብን ደቡባዊ ምዕራብን ምስ ኢትዮጵያ፡ ብምብራቕ ምስ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብደቡባዊ ምብራቕ ምስ ጅቡቲ፡ ብሰሜን ምስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝዳወብ ኩይኑ፡ ልዕሊ 300 ኪሎ ሜተር ዝዝርጋሕ ገምገም ባሕሪ ዘለዎ እዩ። ንምግፋፍ ዓሳን ምዝንጋዕን ምቹኣት ዝኾኑ ከም ብዓል ኣባዕሌ፡ ራስ ፋጡማ፡ ሰንዳበር፡ ካሩምዓሉ፡ ሑዳን.... ካልኦትን ዝኣመሰላ ልዕሊ 30 ደሴታትን ማርሳታትን ድማ ይርከባዎ። እቲ ዞባ፡ ብኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታትን 30 ምምሕዳራዊ ከባቢታትን 119 ዓድታትን ዝቖመ እዩ።

ብኸምዚ ልዒልና ዝጠቐስናዮ ኣገባብ ድማ፡ በዓል ቅዱስ የሃንስ ምስ ፍሕሹውን ምቕሉልን ህዝቢ ከተማ ዓሰብ ብልዑል መዓርግ እናተሰላሰለ እንከሎ፡ ጥንዲራ ዘንበልበላ ብርክት ዝበላ ናይ ምግፋፍ ዓሳ ጀላቡ ኣብ ወሰናስን ባሕሪ ብፍሉይን መሳጥን ምንቅስቓስ ንባሕሪ ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ወርር ክብላኣ ተራእያ። ባህላዊ መደብ ይቕጽል፡ ጀላቡ ከኣ ንህርኩትኻት ዋናታተን ብዘርኢ ምርኢት ንጸውኒጀው እናበላ ኣብ ባሕሪ የንሳፍፋ።



መደብ እናመቀረን እናማዕረገን ከዱ፡ እቲ ወናምን ፈታው ጸወታን ህዝቢ ድማ ጠቕለሉ ካብ'ቲ ዝተኣገደ ጓይላ (መድረኽ) ምውጻእ ኣበዩ። እቶም ወኒ ዘበራብሩ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ንኡስ ድማ መመሰሶም ነቲ በዓል መቐትን ደምቀትን ፈጢሮሙ። ብፍላይ ካብ

ሰዓት 6፡ 00 ድ.ቐ ንደሓር፡ ህዝቢ ምስ ጥዑም ንፋስ ገምገም ባሕሪ ተሰንዩ ኣብ'ቲ ሓደ ድሕሪ ሓደ ከም ውሕጅ ኑሓሰ ዝዞሪ ዝበረ መደብ'ቲ ጽምብል ተቐጻጺሉ።

ቅንያት በዓል ቅዱስ የሃንስ እኹሊ ዝሾወተሉ፡ ተሰኡ ሓረስታይ ክብ ዝበሉሉ፡ ዘለዎ ንጽገማት ዞፍሉሉ፡ ፍረ ናይ ጥሉል ክረምት ድማ ሽሻይ ሓዲሽ እኹሊ ዝሕፈሰሉ ወቕቲ እዩ። ብሓፈሻ ቅንያት ሰላምን ርግኣትን፡ ቅንያት ሓልዮትን ናጽነትን ከም'ኡ ከኣ መለለዪ ጻዕርን ክብርን ዝኾነት ወቕቲ እያ- ወርሒ መስከረም። ስለ'ዚ ከኣ እያ በዓል ቅዱስ የሃንስ ኣብ'ዛ ቅንያት እዚኣ ክትበዓል እንከላ ፍሉይ ዝገብራ።

ጣዕሚ ዘለዎም ሃገራውን ማሕበራውን ባህላውን ፍቕራውን ደርፍታት ጉጅለ ባህሊ ንኡስ ንተሳታፍቲ በዓል ቅዱስ የሃንስ ክሳብ ዝደኽሙ ብወኒ ኣሰራሰርዎም። ሰብ ነጸላን ዙርያን፡ ሰብ ቅናትን ሸፎንን፡ ሰብ ጀለብያን ልወየትን፡ ሰብ ወተሃደራዊ ዩኒፎርም፡ ሰብ ክሽፍን ጊለን ..ኣብ'ቲ ዕሙር ህዝባዊ ጓይላ "ማይደ ጸብ" ብምባል፡ ምስ ደምጻውያንን መዚቃኛታትን ክረባረቡ ኣምሰዩ። ብኸምዚ ድማ እቲ ፈስታ ናይ'ቲ በዓል፡ ንነዊሕ ሰዓታት ቀጺሉ።

እቲ ዘውሕዝ ዝበረ ጣዕመ ዜማታት ንትብዓትን ጽንዓትን፡ ንቅያን ጅግንነትን፡ ንሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸብርቕ ትሕዝቶታት'ዩ ብኹሉን ቋንቋታት ሃገርና ተር ከም ዓተር ክቐርብ ኣምሲዩ። "የቐንጸልና ክብረት ይሃበልና፡ ንዓመታ ከኣ ከየጉረፈ ከየሸረፈ ብሓባርን ብጥዕና የራኽበና" ብዝብል ናይ ምስጋናን ኣኽብሮትን ቃላት ብምልውዋጥ ድማ ጉጅለ ባህሊ ንስሪን ህዝቢ ከተማ ዓሰብን ብደስታ ተመሳጊናም ብጨብጨባ ተፈላለዩ። እቲ ሰዓት 4:00 ድ.ቐ ዝጀመረ መደብ ጽምብል በዓል ቅዱስ የሃንስ ድማ ልክዕ ሰዓት 8:00 ናይ ምሸት ብወግዒ ተዛዚሙ።







# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባኒ፡ ፅንጨይቲ
ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ 2024 ዓ.ም ካብ ወርሒ 01/01/2025 ክሳብ 31/12/2025 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ንዘርከብ ሆስፒታላትን ቤት ትምህርትን፣ ሆስፒታል ምጽዋዕ፡ ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ ሆስፒታል ናቕፋ፡ ሆስፒታል ኣፍዓበትን ቤት ትምህርቲን ኣሳሰይት ነርስ ጊንዳዕን ንሕሙማትን ተመሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም። (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርቲን ይወስዱ)

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስቡሒ ዘየብዙሓ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባኒ፡ ፅንጨይቲ) ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3.ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነት የቕርቡ።
4.ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሳምንም ርእሶም ቁ.ቴሌ 541263 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5.ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 27/9/24 ሰዓት 8:45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጕዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፉ ዝደለ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይኣቱ። ዕለት 27/9/2024 ሰዓት 8:45 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7.መኸበሪ ጨረታ ዝምለስ ንነፍሲ ወከፍ ኣጫራቲ ትካል ጥዕና ንኣሕምልትን ፍረታትን፡ ንስጋ ባዕ 20,000.00 ናቕፋ፡ ንእንቋቑሖ በርበረ፡ ጸባ፡ ፅንጨይቲ 5,000 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9.ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ ብናቱ መጉዓዝያ፡ ናብ ዝተዓወተሉ ሆስፒታላት የቕርብ።
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ሓድሽ ኩትምያ (ልዕሊ ቤት ማዝከር ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ) 3 ደርቢ ምጽዋዕ
ቁጽሪ ቴሌፎን 541263

## ሓበሬታ ንተመሃሮ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዓዲ ቐይሕ

1.ካልኣይ ተመሃሮ ክፍሊ ትምህርቲ
English,Geography,History and Sociology and Anthropology
ዕለት ምዝገባ፡ ሰሉስ መስከረም 17 2024 ቦታ ዓዲ ቐይሕ
2. ሓደስቲ ተመሃሮ ቀዳማይ ዓመት ዲግሪን ዲፕሎማን (Freshman programme)
ዕለት ምዝገባ፡ ረቡዕን ሓሙስን መስከረም 18-19 2024 ቦታ፡ ዓዲ ቐይሕ
3. ካልኣይ ተመሃሮ ክፍሊ ትምህርቲ
Accounting,Business management and public Administration,Economics and Finance,Law and Library and information science
ዕለት ምዝገባ፡ ሰሉስ መስከረም 17 2024 ቦታ ዩኒቨርሲቲ
ኣስመራ pink Building
ዕለት 17 18 19 መስከረም 2024 ካብ ኣስመራ ናብ ዓዲ ቐይሕ መጉዓዝያ
ኣውቶቡሳት ኣብ ናይ ባጽዕ መጠቢ ተዳልየን ከምዝለዋ ንሕብር።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መሴ ኣብርሃ ዑቕባዮውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ዓንዳይ ኣብርሃ ዑቕባዮውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዲላብርዕድ

ወ/ሮ መርየም መሓ ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ጀሚላ መሓ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ሳይነ ገብረእግዚኣብሄር ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ሳቡ ዚፕ ኮድ 1A755 ፕሎት 98 ፓርስል G መለለዩ ገዛ ASD00004100 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብስም ሳይነ ገብረእግዚኣብሄር ገብረሂወት +4 ብቑጽሪ መዝገብ ንብረት 1.BRASM00821610 ዝተመዝገበ ገዛና ብምቅሊት ከመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየሉ ስም ናይ ምትሕልላፍ መስርሕ ከም ንፍጽም ንሕብር።

ሳይነ ገብረእግዚኣብሄር

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ /ኣስቤዛ (ኣሕምልትን ፍረታትን)
ዓዳጊ፦ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ
ኣርእስቲ ውዕል፦ (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፤ (ክፉት ሃገራዊ ጨረታ)
ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ንዓመት 2025 ካብ ዕለት 1/1/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ንተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልትን ፍረታትን ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ፍቓድ ንግዲ (ሊቸንሳ)-ቅዳሕ ናይ 2019 ክሊራንስ (clearance) ኣ/ውሽ/ሃገር ናይ 2023 Renewal for 2024 ብተወሳኺ ቅዳሕ መንነት ካርድትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ቤ/ጽ ኮ.ቢ.ማ.ስ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ወይ ድማ ብቁ.ቴለ 08371388 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታን መምርሒ ጨረታን ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ኣብ ካሸር ከፊሎም ቅብሊት ብምምጻእ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ንዕለት 27/09/2024 ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ክፉት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወከልቶም ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘብ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ እተረኸቡሉ ብወግዒ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኸበሪ ጨረታ (Bid Security- cpo) 200 ሽሕ ኣሕምልትን ፍረታትን ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣስመራ ኤርትራ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.ኣፊስ 304/308
ቁ.ቴለ 08371388

ኣነ ኣቶ ኣማኑኤል ወልደገርግሽ ወልደሃይማኖት ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ፓራዳዝ ከባቢ ዓዲ ኣቤቶ ፕሎት 2 ፓርስል L ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1/008732 ብስመይ ተመዝጊቡ ኦርጅናል ዋንነት ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07113111 ክሕብረኒ፣ እንተዘይ ኮይኑ ድማ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ቅዳሕ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ኣማኑኤል ወልደገርግሽ ወልደሃይማኖት

## ምልክታ ጨረታ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ትሕቲኡ ንዘመሓድሮ ሰለስተ 03 ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ (ጠዕ፡ ኣፋምቦ፡ ዓሰብ) ኣስቤዛ ከም ሽኮርቲ፡ ደንሽ፡ ቀመም ዘለዎ በርበረ፡ ጨው፡ ስጋን) ካብ ወርሒ 1/2025 ክሳብ 05/2025 ከምኡ'ውን ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ካብ ወርሒ 10/2025 ክሳብ 12/2005 ክቐርቡ ዝኽእሉ ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ናይ መወዳእታ ናይ ዝተሓደሰ ሊቸንሳ ወይ ንግዲ ፍቓድ ምስ ግብሪ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ናይ 2024
2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ን30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኸቡሉ ይኽፈት።
3. መኸበሪ ጨረታ 100,000.00 ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ ወይ cpo ምስ ሰነድ ጨረታ ይትሓዝ።
4. ሰነዳት ጨረታ ኣብ ክፍሊ ፐርሶነል ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ቁጽሪ 01 ብምምጻእ ምውሳድ ይከኣል።
5. ኣብ ኣስመራ እትርከቡ ተጫረትቲ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ካብ ዘሎ ወኪል ጨንፈርና ክትወስዱ ትኽእሉ።
6. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 661110 ወይ 660342 ክትውከሱ ትኽእሉ።
7. ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ ወይ ሓዲሽ መምርሒ ምስ ዝመጽእ በዚ ጨረታ'ዚ ኣይግደድን እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቻይና - ዳዊት ዕዉት ኣንበሳ ዓቐብ ኮይኑ

### ዩኤል፡ ማልያኡ ብወዲ ጋንታኡ . . .




ሻምፕዮን ኤርትራ 2021 ዝኾነ ተቐዳዳማይ ባይክ ኣይድ ዳዊት የማ፡ ዕወት ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ዙር ፖያንግ ሌክ ኮይኑ - ንጸሰረይቲ መድረኽ ድሕሪ ምዕዋቱ።

እዛ 119.3 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ 10 ኪሎሜተራት ተራርን ዝለዓለ ናይ ዓቐብ ነጥቢ እተኸሰበን ናይ ሆርስ ካታጎሪ ዓቐብ ነይራታ። ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ለቢሱ ዝጀመረ ኤርትራዊ ዩኤል ሃብተኣብ ከኣ ማልያኡ ከይተመንጠለ ክውድእ እንተኾይኑ፡ ካብዚ ቅርጺ መሬት'ዚ ደረጃኡ ክዕቅበሉ ዝኽእል ነጥቢ ክኸስብ ነይሩዎ።

ዓቐብ ናይ ምሕኳር ተመኩሮ ዘለዎ ዳዊት ግና፡ ነዚ ናይ 4.9 ሚእትዊት ማእከላይ ዝምጋም መጠን ምንቅዕራር ዘለዎ ናይ 10.3 ኪሎሜተር ዓቐብ፡ ልዕሊ ኹሎም ተቐዳደምቲ ጸቢሉ ኣሉ ብምድያብ ተዓዊቱሉ። ቀዳመይቲ ናይ መድረኽ ዓወት እዚ ውድድር ድማ ኣመዝጊቡ።

ፐትር ሬቡናቭ፡ ክልተ ካልኢት ድሒሩ ካልኣይ ክኣቱ እንከሎ፡ ዩኤል'ውን ተመሳሳሊ ካልኢት ድሒሩ ሻውዓይ ኣትዩ።

በዚ ወጽኢት፡ 19 ነጥቢ ናይ ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ሓዚ ናብዚ መዘምዚት መድረኽ ዝኣተወ ዳዊት፡ ነጥቡ ናብ 32 ክብ ኣቢሉ ነታ ማልያ ካብ ዩኤል ተቐቢሉዋ። ካብ ሳልሰይቲ መድረኽ ጀሚሩ ለቢሱዋ ዝጸበረን 25 ነጥቢ ሓዚ ናብዛ ዕለት ውድድር ዝኣተወን ዩኤል፡ ብ30 ነጥቢ ካልኣይ ወጺኡ። ዩኤል ዋላ'ኳ ኣብ መወዳእታ መድረኽ እዛ ማልያ እንተተመንጠሉ፡ ናብ ወዲ ጋንታኡ ብ ዓ ቢ ኡ ናብ ወዲ ሃ ገ ሩ ብምግባሩ ና ብ ዝሽይቶ የብለን ዘይብል ኣይተዛነ።

ዳዊት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ሓሙሽተ መድረኻት ጥራይ ዝጸበሮ ውድድር፡ ካብ ዕወት ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ 10 ነጥቢ ድሒሩ ካልኣይ ወዲኡ ነይሩ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ተቐዳዳማይ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ ኣብ ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ናይ ኣርባዕተ መድረኽ ውድድር፡ ኣብ ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ካልኣይ ምውድኡ ይዝከር።

ዕወት ብጫ ማልያ ናይ'ዚ ንመበል 12 ግዜኡ ዝተኻየደ 2.2 መለክዒ ዘለዎ ውድድር፡ ሩስያዊ ፐትር እዩ - ብ21 ሰዓት፡ 18 ደቒቓን 51 ካልኢትን። ኣስዮንያዊ ማርቲን ላስ ከኣ ብ121 ነጥቢ ንናይ ሽኮ ማልያ ተዓዊቱላ። ዩኤል፡ ኣብ ካታጎሪ ብ23 ነጥቢ መበል 17 ወዲኡ።

እዚ ከፀዚ'ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ኣብ ዝጀመረት ዙር ኣስታንቡል፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ክለብ በይኩዝ ናትናኤል ብርሃን ጴጥሮስ መንግስቱ ብተኸታታሊ መበል 51ን 78ን ደረጃ ሒዞም። ናትናኤል፡ ኣብዛ ናይ 160.2 ኪሎሜተር ውድድር፡ ካብ ዕወት ፈረንሳዊ ኢሚሌን ጃያር 1 ደቒቓን 51 ካልኢትን፡ ጴጥሮስ ከኣ 7 ደቒቓን 37 ካልኢትን ድሒሮም እዮም ኣትዮም።

እዚ ኣርባዕተ መድረኻት ዘለዎ ውድድር፡ ሎሚ 130.3 ኪሎሜተር ብእትሸፍን ካልኣይቲ መድረኽ ክቕጽል እዩ።

ካብ ዜና እዚ ዓውዲ ከይወጻእና፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና ሄኖክ ምልእብርሃን፡ ትማሊ ኣብ ኢጣልያ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ተሳቲፉ፣ ውድድሩ ግና ክዛዝሞ ኣይከኣለን።

## ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል

ስፖርታዊ ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ዝሓለፈ ሰሉስን ረቡዕን ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብ መዓስከር ደንደን ክሉብ ቦውሊን ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ተኻዪዱ። ኣብ ዝሓለፈ ውድድር ከይተሳዕረት ዋንጫ ዘልዓለት ሳብር ንሓለቡት 3-ብ2 ክትስዕራ እንከላ፡ ዓራግ ንዒታሮ 3-ብ2 ረቲዓታ። ከምኡ'ውን ኣብሓዚ ንዒታሮ 3-ብ0፡ ሃምባል ድማ ንሓለቡት ሰዒራታ።

ኣብ ናይ ደቀንስትዮ ጸወታታት ድማ፡ ሳብር ንሓለቡት 2-ብ0 ክትስዕራ ከላ ዒታሮ ድማ ንዓራግ ረቲዓታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሳብር ካብ ሩታ ሙሴ ብዘርከበተን ክልተ ሸቶታት ንሓለቡት 2-ብ0 ሰዒራታ። ዒታሮን ዓራግን ግና 0-ብ0 ተፈላልየን። ብዘወሰኺ ዒታሮ፡ ካብ ፊዮሪ ዑቕባሚካኤል ብዘመዝገበታ እንኮ ሸቶ ንኣብሓዚ 1-ብ0 ሰዒራታ። ሓለቡት'ውን ካብ ቅሳነት ክፍላይ ክልተ ካብ ዋርሳይ መልኣከ ሓንቲ ሸቶ ብምቑጻር፡ ንሃምባል 3-ብ0 ከምዝረተዓታ፡ ጸብጻብ ናይ'ቲ ውድድር የረድእ።



## ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ሂቡ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ 04 ክሳብ 10 መስከረም ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ልቾንሳ-ዲ፡ ንመምህራን ስፖርት ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ሂቡ።

ብዘሊ ናይ'ቶም ስልጠንቲ፡ ሓሙሽተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 29 ኮይኖም፡ ዕላማ ናይ'ዚ ስልጠና፡ ኣብ ፍልስፍና ኩዕሶ እግሪ ዘለዎም ኣፍልጦ ሳይንሳዊ መንገዲ ንምትሓዛዝ፡ ምስ ካልኦት ትካላት ተሻሪኾካ ንምስራሕን፡ ከምኡ'ውን ዘሎና ኣሰልጣጠና ዘመናዊ ክኸውንን ምስ ናይ ዓለም ደረጃ ዝኸይድ ንምግባሩን ምዃኑ ተገሊጹ።

እዚ ብኣርባዕተ ኢንስትራክተራት ዳኒኤል የውሃንስ፡ እስቲፋኖስ ኣሰፋው፡ ኣለምሰገድ ኤፍሬምን ሙልጌታ ጉብረን ዝተዋህበ ኣብ ብቑዕ ኣወዳድባ ኩዕሶ እግሪ፡ ዘመናዊ ማሰርሒ ኣሰልጣጠናን ካልእን ዘጠቓለለ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ልቾንሳ-ዲ፡ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ንፉልማይ ግዜ ከም እተወሃበ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።



## ጋቪ፡ ናብ ልምምድ ተመሊሱ

ሓደ ካብ ወሳኒ ተጻወትቲ ባርሴሎና ዝኾነ ጋቪ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንኣስታት 10 ኣዋርሕ ካብ ንጥፈታት ኩዕሶ እግሪ ተኣልዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡




ትማሊ ሓሙስ ናብ ልምምድ ተመሊሱ።

እዚ እስጳኛዊ ኣኻፋሊ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሕዳር፡ ንሃገሩ ወኪሉ ኣብ መጸረዪ ግጥም ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 እናተጻወተ እንከሎ እዩ ኣብ የማናይቲ ብርኩ ከቢድ መጉዳእቲ ገጢምዎ። ሰሪዚ እናንበዐ ክወጽእ ዝቐሰቦ መጉዳእቲ ከኣ ንኣስታት 10 ወርሒ ካብ ንጥፈታት ተኣልዩ ጸኒሑ።

ባርሴሎና፡ ትማሊ ተጻወትታ ልምምድ እናገበሩ ኣብ ዘርኣየቶ ቪዲዮ ግና፡ እዚ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታይ እውን ምስኦም ልምምድ እናገበረ ተራእዩ ኣሎ። እንተኾነ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ስሩዕ ጸወታ ክምለስ ትጽቢት ኣይግበረሉን። ይኹን'ምበር፡ ዋላ'ኳ ናብ ስሩዕ ጸወታ ዝምለሰሉ እዋን ኣይፈለጥ፡ ናብ ልምምድ ምምላሱ ግና ንስድራቤት እዛ ጋንታ ዓቢ እፎይታ እዩ። ናብ ቀዳመይቲ ጋንታ ተመሊሱ ከኣ ነታ ኣብዚን ዝሓለፉ ሰሙንቲ ዋሕዲ ዓይነታውያን ኣኻፋልቲ ዘጋጠማ ክለቡ ዓቢ ድርኺ ክኸውን ይግመት - ብቕልጡፍ ናብ ብቕዓቱ ምስ ዝምለስ።

ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ሃንሲ ፍሊክ ብጽቡቕ ነቒሉ ዘሎ ባርሳ፡ ሰንበት ናብ ጂሮና ተጓዒዛ ሓሙሻይቲ ናይ ሊግ ጸወታኣ ከተካይድ እያ። ምልእ 12 ነጥቢ ዘለዋ ባርሳ፡ ንናይ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ላ'ሊጋ ዝነበረት ሪያል ማድሪድ፡ ብኣርባዕተ ነጥቢ በሊጻ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከብ።

### ኣርቴታ፡ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ

ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚካኤ ኣርቴታ፡ ክሳብ 2027 ዘጸንሖ ሓዲሽ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ትማሊ ሓሙስ ፈሪሙ።

እዚ እስጳኛዊ፡ ምስዛ ክለብ ዘጸንሖ ውዕል ኣብዚ ወቕቲ እዩ ዘብቅዕ ነይሩ። በዚ ሕጂ ፈሪምዎ ዘሎ ውዕል ከኣ፡ ዓመታዊ ዝወስዶ ዘሎ መሃያ፡ ብትሽዓተ ሚልዮን ዩሮ (11.7 ሚልዮን ዶላር) ክወሰኽ ምዃኑ ይሕበር።

ኣብ ታሕሳስ 2019 ንወዲ ሃገሩ ኡናይ ኢምሪ ተኪኡ መዘውር ምስልጣን ክለብ ኣርሰናል ዝተቐበለ ኣርቴታ፡ ኣብቲ ወቕቲ ዕውትቲ ኤፍ.ኤ ካፕ ክትከውን ኣኽኢልዋ እዩ። ከም ኣሰልጣኒ ከኣ ቀዳመይቲ ጽዋኡ እያ። እዚ ወዲ 42 ዓመት ዓላሚ፡ ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ተወዳዳሪት ክለብ ብምህናጹ፡ ምስታ ዝ ሊግ ዓብሊላቶ ዘላ ማን ሲቲ ክቃለስ ተራእዩ እዩ - ዋላ'ኳ ኣብ ክልቲኤን ወቕትታት ኣብ ኣጋ መወዳእታ ዋንጫ እንተተመንጠሉ።

ድሕሪ 2003-04 ጽዋእ ፕሪመር ሊግ ዘየልዓለት ዘላ ኣርሰናል፡ ድሕሪ ጽባሕ ናብ ቶተንሃም ተጓዒዛ ናይ ደርቢ ጸወታ ከተካይድ እያ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ሰለስተ ግጥማት ሸውዓተ ነጥቢ ብምእካብ፡ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ትርከብ።

### ነገረ ማን ሲቲ

ብ115 ፋይናንስያዊ ጥሕሰት ሕግታት ፕሪመር ሊግ ተኸሲሳ ዘላ ማን ሲቲ፡ ጉዳያ ካብ ዝመጽእ ሰኑይ ኣትሒዙ ክስማዕ ክጅምር እዩ።

ሲቲ፡ ካብ 2009 ክሳብ 2018 ኣብ ዝነበሩ ትሽዓተ ዓመታት፡ ፋይናንስያዊ ዘይእሩም ኣካይዳ ትጥቀም ምንባራ እያ ተኸሲሳ ዘላ። ትኽክለኛ መሃያ ተጻወትቲን ኣሰልጣኒን ከምዘይ ኣቕረበት ድማ እዩ እቲ ሊግ ዝኸሰ።

ገበኛ ምዃና ምስ ዘረጋገጽ ድማ፡ ካብ ታሕተዋይ ሊግ ምውራድ፡ ወይ ከኣ ነጥቢ ምጉዳልን ገዚፍ መቕጻዕቲን እዮም ክበጽሓ ዝኽእሉ መቕጻዕትታት እዮም። እንተ እዛ ንኣርባዕተ ዓመታት ንፕሪመር ሊግ ዝተዓወተትሉ ጋንታ፡ ጌጋ ከምዘይብላ ብምግላጽ፡ ንኹሉ ክስታት ትነጽግ እያ ዘላ።

እዚ ጉዳይ ኣብ ወርሒ መስከረም 2024 ክሰማዕ ክጅምር ምዃኑ ክሕበር እኳ እንተጸንሐ ሕጂ ግና ዝመጽእ ሰሙን ዕለተ ሰኑይ ክጅምር ምዃኑ፡ ምንጪታት ሃገረ እንግሊዝ ሓቢረን ኣለዋ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ህንጸት መስመር ጋዝ ሃገራት ደቡብ ኤስያ ተዛዚሙ

ኣብ ማእርሕ ህንጸት ዝጸንሐ ንኣርባዕተ ሃገራት ደቡባዊ ኤስያ ዘራኽብ መስመር ባሕርያዊ ጋዝ ተዛዚሙ፡ ንስራሕ ከምዝተዳለወ ተቓሊሑ።

እዚ ንኣፍጋኒስታን፡ ቱርክመኒስታን፡ ፓኪስታንን ህንድን ዘራኽብ 'ታፒ' ዝተሰምየ ናይ ዓሰርተ ብልዮን ዶላር ፕሮጀክት፡ ስርሑ ኣብ ቀረባ መዓልቲ ከምዝጅምር፡ ሰብ መዚ እተን ሃገራት ገሊጸም።

እቲ ፕሮጀክት፡ ቀረብ ባሕርያዊ ጋዝ ብምውሓሱ፡ ኣብ ቀጠባ ኣርባዕቲኤን ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ ናይ ኣፍጋኒስታን እወታዊ ተራ ከምዝህልዎ ይግመት።

እቲ ካብ መሬት ኣፍጋኒስታን ዝሓልፍ 1,800 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ መስመር፡ ዓመታዊ ልዕሊ 33 ቢልዮን ሜትሮ ኩብ ጋዝ ከመሓላልፍ ከምዝኽእል እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

መስርሕ ህንጸት ናይ'ቲ መስመር፡ ኣብ 2015 ጀሚሩ ኣብ 2018 ክዛዘም መደብ እኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ኣፍጋኒስታን ግና ከምእተደናኸየ፡ ጸብጻባት የረድኡ።




## ሰሜን ኮርያ፡ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ወንጪፋ

ሰሜን ኮርያ፡ ሓያሎ ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ናብ ምብራቓዊ ጎማጎም ባሕራ ከምዘወንጨፈት፡ ደቡብ ኮርያ ገሊጻ።



ሰሜን ኮርያ፡ ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ንፈለማ እዋን ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከምዘወንጨፈት እያ ደቡብ ኮርያ ትሕብር።

እቲ ሚሳይላት፡ ናብ ባሕሪ ቅድሚ ምእታዉ ንኣስታት 360 ኪ.ሜ ከምእተጓዓዘ እውን እቲ መግለጺ የመልክት።

"እዚ ተግባራት፡ ንሰላምን ምርግጋእን ሓውሲ ደሴት ኮርያ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ገጽር ተጻብኦ'ዩ" ክብል ሰራዊት ደቡብ ኮርያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ ኣሎ።

ሰሜን ኮርያ ግዳማዊ ተጻብኦታት ንምምካት፡ ኣብ ምምዕባል ኒክሊየራዊ ኣጽዋር እተካይዶ ወፍሪ ከም እተዕብዮ፡ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ኪም ዮንግ ኡን ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ምግላጹ ይዝከር።

ኣመሪካን መሻርኽታን ዘካይድኦ ዘለዋ ተጻብኦ ምኽንያት ዝገለጾ ሓብራዊ ወተሃደራዊ ንጥፈታት፡ ንሰሜን ኮርያ ኒክሊየራዊ ኣጽዋራ ኣብ ተጠንቀቕ ከተጽንሕ ዝደፋፍእ ምኽንያት ከምዝኾነ እዩ ፕረዚደንት ኪም ኣፍሊጡ።

ሰሜን ኮርያ፡ ልኡላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ንምውሓስ፡ ዘለዋ ኣጽዋር ካብ ምጥቃም ድሕር ከምዘይትብል ድማ ኣጠንቂቓ።

ሰሜን ኮርያ፡ ከም መልሱግብሪ ናይ'ቲ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ዘካይድኦ ዘለዋ 'ተኹታኺ' ክትብል እትገልጾ ወተሃደራዊ ልምምዳት፡ ዝተፈላለየ ዘመናዊ ኣጽዋር ክትፍትን ምጽናሓ ይፍለጥ።

## ህ/ሪ ቻይና፡ "ስጉምቲ ክወስድ'የ" ትብል

ህዝባዊት ሬፓብሊክ ቻይና፡ ንባሕሪ ደቡብ ቻይና ኣብ ልዕሊ ዘጠቓልል ልኡላዊ መሬታ ዝፍጸም ዝኾነ ግዳማዊ ምትእትታው ስጉምቲ ከምእትወስደሉ፡ ሓደ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ብዓልስልጣን እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ብዓል ስልጣን፡ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ባሕሪ ደቡብ ቻይና፡ ሰላም ዝሰፈኖ ባሕሪ ኮይኑ ክቕጽል እዩ ተስፋና" ክብል ኣብሪሁ።

ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካ፡ ልኡላውነት ቻይና ብምጥሓስ ብስዉር ይኹን ብቐሊዕ ዝኾነ ምንቅስቓስ ምስእተካይድ፡ ሃገሩ ከምዘይትጻወሮ፡ እቲ ብዓልስልጣን ወሲኹ ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣንጻር መሬታዊ ልኡላዊን ሚያዊን መሰላትን ረብሓታትን ቻይና ዝቐንዐ ናይ ጽልኢ ፖሊሲታት፡ ሓይልታት ምክልኻል ቻይና ተረር ግብረ-መልሲ ክህቡ ከምዝኽእሉ ኣጠንቂቑ።

ንሱ ወሲኹ፡ ፍታሕ ናይ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ወጥሪ እውን ኣብ ኣመሪካ ከምዝምርኮስ ኣጺኑዑ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ መራኽብ ቻይናን ፊሊፒንስን፡ ኣብ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ኣብ ተኸታታሊ ግጭታት ኣትየን ምንባረን ጸብጻባት የመልክቱ።



## ኢራንን ዒራቕን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ምትሕብባረን ክዕብያ ተሰማሚዐን



ኢራንን ዒራቕን፡ ኣብ ጸጥታን ካልእ ጽላታትን ምትሕብባረን ክዕብያ ከምእተሰማምዓ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ኣብ ዒራቕ ናይ ሰለስተ መዓልታት ምብጻሕ ዝፍጽም ዘሎ ፕረዚደንት ኢራን መስዑድ ፐዘሽኪያን፡ ናብ ዒራቕ ኣምሪሑ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር መሓመድ ሺዓ ኣል-ሱዳኒ ኣብ ከተማ ባቕዳድ ኣብ ዘካየዶ ርክብ እዩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ክልቲኤን ሃገራት ጸጥታ ብምውሓስ ኣንጻር ሽበራ ክሰርሓ ምዃነን ኣፍሊጠን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኢራንን ዒራቕን ኣብ ንግዲ፡ ሕርሻ፡ ትምህርቲ፡ መራኽቦታትን ካልእ ጽላታትን ክደጋገፋ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ብተወሳኺ፡ ክልቲኤን ሃገራት ግዳማዊ ምትእትታው ንምምካትን ንምቅዋምን ብሓባር ክሰርሓ ምዃነን ኣጺኤረን።

ፕረዚደንት ፐዘሽኪያን፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ፕረዚደንት ኢራን ኮይኑ ድሕሪ ምምራጹ፡ እዚ ኣብ ዒራቕ ዘካይዶ ዘሎ ምብጻሕ ናይ ፈለማ ዑደቱ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ፐዘሽኪያንን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣል-ሱዳኒን፡ ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ጉዳይ ወሽመጥ ቓዛ ኣመልኪቶም ከምዝዘተዩ ተቓሊሑ።

ፕረዚደንት ፐዘሽኪያን፡ ኣብ ዒራቕ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ምብጻሕ፡ ናብ ሓወልቲ ናይ'ቲ ኣብ 2020 ብመጥቃዕቲ ኣመሪካ ዝተቐትለ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ዝነበረ ቃሲም ሱለይማኒ ከምዝበጽሐ ተገሊጹ።

ድሕሪ ናይ ዒራቕ ዑደቱ፡ ፕረዚደንት ፐዘሽኪያን ናብ ዞባ ኩርዲስታን ብምምራሕ ምስ ኩርዳውያን ሰበስልጣን ርክብ ከካይድ ምዃኑ'ውን ኣገልግሎት ዜና ኢራን ሓቢሩ።

## ማሊ፡ ንማዕከን ዜና 'ቲቪ5 ሞንደ' ኣጊዳ

መንግስቲ ማሊ፡ እታ ኣብ ሃገሩ ብቛንቋ ፈረንሳ መደብታ ክትፍኖ ዝጸንሐት ማዕከን ዜና 'ቲቪ5 ሞንደ'፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ንጥፈታታ ከተቋርጽ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ውሳነ ከምዝመሓላለፈ ኣፍሊጡ።

እታ ማዕከን ዜና ፈረንሳ፡ ዘይሚዛናዊ ሓበሬታ ክተመሓላልፍ ኣብ ርእሲ ምጽናሓ፡ ባህሊ ፈረንሳ ብዋጋ ባህልን ክብርታትን ህዝቢ ማሊ ኣብ ሃገሩ ንምስራጽ ክትዃጥፍ ከምዝጸንሐት፡ መንግስቲ ማሊ ወሲኹ።

መንግስቲ ማሊ፡ ብተመሳሳሊ ጉዳይ ዝኸሰሰን ማዕከናት ዜና ሃገራት ምዕራብ ክዕጽዉ እዚ ናይ ፈለማ ከምዘይኮነ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣቐዲሙ ኣብ ሃገሩ ተዋፊሩ ዝጸንሐ ሰራዊት ፈረንሳ ዘባረረ መንግስቲ ማሊ፡ ምስ'ታ ሃገር ዝጸንሐ ወተሃደራውን ጸጥታውን ወዕላት እውን ከምዘሰረዘ ዝዝከር እዩ።

ኣብ ማሊ ዝጸንሐ ሰራዊት ፈረንሳ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታውን ወተሃደራውን ቅልውላዋት ምዃኑ'ዩ እቲ መንግስቲ ዝኸስስ።

ጎረባብቲ ማሊ ዝኾና በርኪናፋሶን ኒጀርን ብተመሳሳሊ፡ ምስ ፈረንሳ ዝጸንሐን ወተሃደራውን ጸጥታውን ወዕላት ሰሪዘን ምህላወን ይፍለጥ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ገዛ ኽኒሻ | 13/9/24 | ጎደና ክሳድ ጉዋ 195 ክባቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ደሳቕ ተወልደ መድህን | 08202877 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services